# ድምቀት ዝዓሰሎ ምሸት!!

**ወርሒ መጋቢት 1987 ...**

**ወርሒ መጸ፡ ዝያዳ ድምቀት :ዝያዳ ምዉቕ ዝኾነ ምትሕቝቛፍ ምሸት ኤርትራውያን ምርኣይ ንቡር እናኾነ መጺኡ ኣሎ። ብምኽንያት ወርሓዊ ድራር መኸተ ክተኣኻኽበ ካብ ዝጅምሩ ድሮ ሓደ ዓመት ኣቑጺሩ ኣሎ። እዚ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳም 26 መጋቢት ኣብ ማእከል ኤርትራውያን ዋሽንግቶን ዲሲ ዝተዳለወ ድራር መኸተ ደሚርካ ድማ፡ እዛ ዓመት ካብ እትኣቱ ንሳልሳይ ግዜኡ ዘቑጸረ ድራራት፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ 'ጋንታ ብሻ'፡ ወርሒ የካቲት 'ጋንታ ፈንቅል'፡ ኣብ'ዛ ወርሒ እዚ'ኣ ድማ ጋንታ 'ሓድነት" በቢተራ ድራር ኣእንጊደን። እዛ ጋንታ፡ 'ሓድንት' ዝብል ስም እተሰመየትሉ ምኽንያት ድማ እዚ ወርሒ እዚ፡ ምስ'ቲ ካልኣይ ታሪኻዊ መስመሪ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባርን ሳግም ተጋድሎ ሓርነትን ኣብ ወርሒ መጋቢት 1987 በሪ ምሉእ ዓወት ዝኸፈተ ጉባኤ ዝተሰላሰለሉ ወርሒ ስለ እተጋጠመ፡ ንዝኽሩን ንታሪኻዊ ኣገዳስነቱን ንምንጽብራቕ ተባሂሉ ኣዴታት ዝመረጽኦ ስም እዩ።<br>ብተወሳኺ ድማ ምስ ህልው ኩነታትና ዝተኣሳሰር ምስ ስምረትናን ጥምረትናን ዝቃዶ ብምኳኑ፡ ሓድነት፡ ድርብ ትርጉምን ምስጢርን ኣለዎ።**



“ጋንታ ሓድነት”

**እቲ ድራር ከም ወትሩ ሓደ ካብ'ቲ ሓደ ዝሓለፈን ኢ.ድ ወሓላሉ ኣዴኣታት ዝ ሓለፎ ሽሻይ ንተሳተፍቲ እቲ ድራር ብዝግባእ ኣእንጊደናኦም።<br>እቲ ኣደራሽ ብዝተፈላለየ ሃገራዊ ባህላዊ ስልማት ዝያዳ ማዕሪጉ፡ ነቲ ጽባቐ ዝያዳ ጽባቐ ወሲኽሉ። እቲ ምሸት ብዝተፈላለየ ሃገራዊ ደርፍታትን ሳዕስዒታትን ዝተሰነየ ፍሱህ ምሸት ኔሩ።**



## ውሕሉል ኣሰላልማ “ውሻጠ ኤሪትራዊት ኣደ”!

ልዕሊ ዝኾነ ግን እዚ ምትእኽኻብ እዚ፡ ካብ መግብን መስተን ዝሓይድ ዓቢን ዓሚቑን ፖለቲካዊ ትርጉም ዝነበሮ ምትእኽኻብ ምእንቲ ክብሪ ህዝብን ልእላውነት ሃገርን ዘነጻጸረ ኮይኑ፡ መቐጽልታ መኸተና ንዘይፍትሓዊ ማዕቀብ፡ ዱብና ኣብ ባይታ ይተሓንጸጽ፡ ወጊድ ንድርብ መለኪዒታት ውሳነ ቤት ምኽሪ ጸጥታ፡ ንምግላጽ ዝካየድ ዘሎ ቀጻሊ ሃገራዊ ውራይ እዩ።
ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ ድማ ብሉጽ ድራር ንምውዳብ ምቅርራብ እግበር ኣሎ። ቀዳም 30 ሚያዝያ ዘዳልዋ ጋንታ ኣዴታት ድማ “ጋንታ በይሉል” ኮይነን፡ ነቲ መደብ ዕውት ንክኸውን እጅግኤን ሰብሲበን ኣለዋ። ተሳትፈኹም እናዓደምና ድማ ብሰላም የራኽበና ንብል።

ዓወት ንሓፋሽ!
ዝኽርን ክብርን ንስውኣትና!!
ዓወት ንጽንብል 20 ዓመት ናጽነት!!!
ሓይሊ ዕማም መኸተ ዋሽንግቶን ዲሲ





ኣዳራሽ ብባህላዊ ትሕዝቶን ቅርስታት፡ ብውሕልነት ተሰሊሙን ገሪሙን ኣምስዩ!!